# ፆር ዝኸበደኩም ናባይ ንዑ

## ንባባት፡ ኢሳያስ 40፡25-31፥ማቴ 11፡28-30።

ሰብ ዝኾነ ክበድ ግዙፋዊ ይኹን መንፈሳዊ ክብርትፆ እንከሎ ከዕርፍ ዘይደሊ የለን። እትጾሮ ክበድ ክህልዎ እንከሎ የጨንቐካ ሓይልኻ የድክመካ ክትከይድ እውን የጸግመካ እንተ ከበደ ኸአ የውድቐካ። መንፈሳዊ ክበድ ወይ ናይ ሓሳብ ክበድ እውን ዝገደደ እዩ ገለ እዋን አብ ጽላለ የብጽሕ እዩ። ብፍላይ አብ ኃጢአት አብ ክፍአት ዝነብር ሰብ ከቢድ ጾር አለዎ ዕረፍቲ የብሉን መንፈሱ ርጉእ አይ ኮነን ብቐሊል ምስ ኩሉ ይብአስ፥ ሕማቕ ይሓስብ ንርእሱ ተረቢሹ ንሰብ ይርብሽ። ገለ ሰባት አለዉ ንጸገሞም ከም መንድዓት ሓዚሎም ዝነብሩ አብ መጨረሻ ግዳይ ሕማምን ስቓይን ይኾኑ። ፈውሱ አብ ኢየሱስ መጺእካ ሕማምካ ምውራድ እዩ።

አብዚ አብ ዘመነ ምጽአት አብ ልደት መድኃኒና አብ እንቀራረበሉ ዘሎና እዋን ነቲ ብሰንኪ ኃጢአትና ወይ ዛሕሊ እምነት ዘምጽአልና ክበድ ክነራግፍ እሞ ካብ ዝኾነ ክበድ ነጻ ኮና ክንሕጎስ ደስ ከብለና ምስ አምላኽና ምሉእ ብምሉእ ክንወሃሃዶ ዘዘኻኽር እዋን ኢና ዘሎና።

አብ ብሉይ ኪዳን ተደጋጊሙ ከም ዝግለጽ እስራኤላውያን እቲ ዝኸበደ ውርደቶም ካብ አምላኽ ክዓልዉ እንከለዉ እዩ። ካብ አምላኽ ክርሕቁ ከለዉ ብቐሊል ብጸላእቶም ይስዓሩ፥ ዝተፈላለየ ምዓት ይወርዶም፥ ስደት ጥመት ወግእ ከምኡ ባህርያዊ ምዓት ይወርዶም ነሩ። ሓደ ካብቲ ዝኸበደ ውርደት ዝገጠሞም ስደት አባቢሎን እዩ። ብምርኮ ኩሉ ንብረቶም አጥፊኦም ባርዩ ኮይኖም ይነብሩ ነሮም። ከበዲ ስቓይን ሕስረትን ወሪድዎም፥ እዚ ኹሉ ብሰንኪ ኃጢአትምን ንአምላኽ ብዝጠለምዎን እዩ።

ሰብ መገዲ አምላኽ ሓዲጉ አብ ናይ ዓለም ናብራ ጥራሕ ዝህውትት ክኸውን እንከሎ ክበድ ውድቀቱ አብ ጸልማት ከም ዝነብር ይገብሮ። ሕልንኡ ዓጽዩ ንክፉት ንጥልመት ናተይ ኢሉ ሒዙ ዝተዓወተ ኮይኑ ስምፆ። አብ ጸልማት እናነበረ እንከሎ ጽቡቕ አሎኹ ይብል። ካብዚ ክወጽእ ቀሊል አይ ኮነን፥ አብ ኢየሱስ መጺኡ ክርኢ ዓይኒ ሕልናይ ክፈተለይ ክብል አልኦ። ብቀትሩ ዝዓረቦ ክርኢ ቀሊል አይኮነን።

ኢሳያስ ነብይ አብ ምዕ 40 ብዛዕባ ነቶም አብ ስደትን ውርደትን ባርነትን ንዝነበሩ አምላኽ ምጽንናዕን ሓዲስ ተስፋ ከምዝህቦም ይዛረብ። ስደት ባቢሎም ፍረ ጻማ ኃጢአቶም እዩ ነሩ። አብቲ ከቢድ እዋን ትንቢት ኢሳያስ አምላኽ ኩሉ ከም ዝሕድሰሎም አብ ዓዶም ካብቲ ከቢድ ስደተን ባርነትን ከም ዘውጽኦም ነጊርዎም። ንሓደ አብ ከቢድ መከራ ዝመልኦ ዝነበር ኩሉ ክቕየረልካ እዩ ነጻ ክትከውን ኢኻ፥ አብ ዓደቦኻ ክትምለስ ኢኻ ንዝብል ክንደይ ጥዑም እዩ።

ኢሳያስ አብዚ አምላኽ ከም ዘይጠልም ክንምለሶ ኩሉ ጊዜ ብብሩህ ገጽ ከም ዝጽበየና የረድእ። ሕጂ እውን እቲ ካባርነት ግብጺ ዘውጽአኩም ካብ ባርነት ባቢሎን ከውጽአኩም እዩ እናበለ ነቲ ዘይሰሓሓት ቃል አምላኽ ይነግሮም። ንአና እውን ካብቲ ባቢሎና ዝኾነ ክፍአትና ኃጢአትና ነጻ ከውጽአና ነዚ ቅዱስ እዋን ምጽአት ይህበና አሎ። ንነፍሲ ወከፍና በብስምና ይጽውዓና አሎ። እዋኑ ንአምላኽ መልሲ ሂብካ ምኽአል እዩ።

አምላኽና አይሕለልን እዩ። ንድኹም ኃይሊ ይውስኾ፥ ንዝተሓለለ ኸአ ብርታዐ ይህቦ (ኢሳ 40፡29)። አብ አፍደገ ልብና ኮይኑ ይኹሕኩሕ አሎ፥ እንሆ አብ አፍደገ ደው ኢለ ማዕጾ ኳሕኳሕ አብል አሎኹ ሓደ እኳ ድምፅይ ሰሚዑስ ማዕጾ እንተ ኸፈተለይ ናብኡ ኽአቱ ምስኡ አብ መአዲ ኽቕመጥ እየ፥ ንሱ

እውን ምሳይ ኪቕመጥ እዩ (ራእ 3፡20) ይብለና። ዘመነ ምጽአት ቀንዲ ዓላምኡ ኣብ ኣምላኽ ክንምለስ እሞ ሓዲስ ሕይወት ክንለብስ ምስ ኣምላኽን ሰብን ዕርቂ ክንገብር ዝዕድም ቅዱስ እዋን እዩ።

ኣብ ገለ እዋን ናብራ ሕይወት ከቢድ እዩ በቲ እንነብሮ ዓቕልና ስለ ዝጸበና ዝተረሳዕና ዘይሓልፈልና ኣምላኽ እውን ወጊኑ ዝረሰዓና ኮይኑ ይስምዓና። እንተ ኾነ ኣምላኽ ኣብቲ ጸልማት ዝኾነ እዋን ሕይወት ንደቁ ዓይኖም ኣብኡ ገጾም ቋሕ ከምዘብሉ ይገብር። ኢሳያስ ንህዝቡ ኣዕንትኹም ናብ ሰማይ ቋሕ ኣቢልኩም ርአዩ መን እዩ ነዚ ኹሉ ዝፈጠረ እናበለ ካብቲ ወሪዱና ዘሎ ጸልማት ክንወጽእ እሞ ንኣምላኽ ርኢና ክንርኢ የዘኻኽረና። ቅድሚ ፍርሒ ተስፋ ቁርጸት ንልብና ዝወርሶ ኣምላኽ መን ምዃኑ ዘኪርና ክንክእል ኣሎና፥ ንሱ ንወሰናስን ምድሪ ዝፈጠረ፥ ዘለዓለማዊ ኣምላኽ ከም ዝኾነ፥ ከምዘይደክምን ከም ዘይሕለል፥ ኣእምሮኡ ከም ዘይምርመር ምፍላጥ የድልየና።

ኢሳያስ ነቶም ሕልንኦም ዘድከሙ ኣብ ኣምላኽ ተስፋ እንተ ገበሩ ሓይሎም ከምዝሕደስ ከም ንስሪ በኽናፍ ይድይቡ ይጎዩ እሞ ኣይሕለሉን ይብል። እዚ እዩ እቲ ዓቢይን ሓያልን መልእኽቲ። ንስሪ ልዕል ደመናታት ይዝንቢ ዝብል ተስፋና ኣብ ኣምላኽ እንተ ገበርና ዝቕጽል ጻጋ ጥራሕ ዘይኮነ ንጸበባን ውርደትን ተጻዊርና ንላዕሊ ከምእንትንሥእ ይገብረና። ዓለም እታ ኵሉ ጊዜ ኣብ ዝተጸንቀቐ ኣካላውን መንፈሳውን ስምዒት ከም እንነብር እተገብረና ናይ ኣምላኽ ተስፋ ግን ደው ከም እንብል ይገብረና። ኣብኡ እምነት ዝገብሩ ኃይሎም ይሕደስ ከም ንስሪ በኽናፍ ይድይቡ፥ ይጎዩ እሞ ኣይሕለሉን ይኸዱ እሞ ኣይደኽሙን።

ኣብ ማቴ 11፡20-30 ምስ እዚ ናይ ኢሳያስ ዝመሳሰል ኢየሱስ ንሰማዕቱ ዝበሎ ብሓቂ ቅሳነት ዝህብ ንረክብ። ነቲ ብኢሳያስ ነብይ ዝተባህለ ኣናኣርግኣ ዝግደስን ዘይደክምን ኣምላኽ ደድሕሪ እቶም ናቱ ዝኸይድ ኣሎና ይብል። ኢየሱስ ብቀዳምነት ነዚ ክብል እንከሎ ነቲ ብሕጊ ሙሴ ዝመጽእ ዝነበረ ክበድ ኣብ ሕዝቢ ብፍላይ በቶም ጸሓፍትን መማህራን ሕግን ፈሪሳውያንን ዝተተርጎመ ዝርኢ እዩ። ኣብ ትሕቲ እዚ ሕጊ ክሳብ እታ ዝደቐቐት ምብምቁጽጻር ካብቲ እምነት እቲ ስርዓት ወይ ባህሊ ኣብ ዝኸብረሉ ደረጃ እዩ በጺሑ።

ኢየሱስ ነቲ ዝነበረ ንጹር ትምህርቲ ክህብ ኢሉ ኣቱም ኵልኹም እትጽዕሩን ፆር ዝኸበደኩምን ናባይ ንዑ ኣነ ኸኣ ከዕርፈኩም እየ ይብል። እዚ እዩ እቲ ዝልዓለ ምልኣት ተስፋ ኢሳያስ ዝበሎ ዝተፈጸመሉ። ልክዕ ዝኾነ ኣምላኽ እቲ ሓዲስ ሓይሊ ነቶም ተስፋ ንዝቖረጹ ዘተስፈወ ሕጂ በቲ ሓደ ወዱ ገሩ ኢየሱስ ክርስቶስ ገሩ ንዑ ይብለና፥ ንሕና ኸኣ ነታ ቅሳነት እትህብ ብኢሳያስ ዝተባህለት ንውሃባ። ብተስፋ እንጽበዮ ዘይኮነ ሕጂ ሎሚ ኣብ መንጎና ኣሎ። ኣብ ኢየሱስ ቅሳነት ህያው ሕጂ ዘላ እያ።ንኹሎም እቶም ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣብ ከቢድ ራዕድን ምጥርጣርን፥ ኣብ ከቢድ ሓዘን፥ ጉድለት ወይ ድኽመት፥ ጽምዋ ንዘለዉ ኣብኡ ንኸምጽእዎ ይነግሮም። ዕድሚኡ ክንቅበል እንከሎና እቲ መወዳእታ ዘይብሉ ዘይምቕሳን ይገድፈና እሞ ኣብ ፍጹም ሓጎስን ዕረፍትን ተስፋን ከም እንኣቱ ይገብረና።

ኢየሱስ ከበራትዕና ኢሉ ኣነ ለዋህ እየ ልበይ እውን ትሑት እዩ እሞ ኣርዑተይ ፁሩ ካባይ እውን ተመሃሩ ንነፍስኹም ከኣ ዕረፍቲ ክትረኽቡ ኢኹም ይብለና። ኣርዑት ክብል እንከሎ ምስ ኢየሱስ ዝተቖርነ ሕይወት ብትምህርቱ ዝተመርሐ ብጸጋታቱን ናይ ሓቒ መገድታቱን ዝተኸለል እዩ ዘስምዕ። ኩላትና ኣብ ማሕረስ ዝዓበና ከም እንፈልጦ ንተስታይ ምስ ተፍንቲ ወይ ሓድስ ዝላመድ ብዕራይ ንቖርኖ። እቲ ተስታይ ወይ ዝለመደ ብዕራይ ነቲ ሓዲስ ይሕግዞ ይመርሖ ንዝኸበደ ጾር እውን ንሱ ይጾሮ። ብተመሳሳሊ መገዲ ኢየሱስ እቲ ዝሓየለ ብጻይና ኮይኑ ነቲ ከቢድ ጾርና ንበይንና ባዕልና ክንጾር ዘይክኣልና ይጾረልና። ምክንያቱ ንሱ ትሑትን ሕያዋይን እዩ፥ ኣብኡ ክንቀርብ ከሎና ዝኾነ ጸገም ኣይፈጥረልናን እዩ።ንሰኸምና ቀሊልን ዝጽወርን ይገብሮ። ኣብትሕቲ ናይ ኢየሱስ መሪሕነት እቲ ክትጾሮ

ዘይክእል ኮይኑ ዝርአየካ ከም ዝክእል ንርኢ።፥ ምኽንያቱ ንበይንና ኣይ ኮናን እንስከሞ ዘሎና ኢየሱስ ምሳይ ኣሎ ክስከሞ።

ኢየሱስ ኣብዚ ዓለም ዝመጽአ ንአና ነጻ ኽገብር እዩ። እዚ ክብሃል እንከሎ ዝደለናዮ ንገብር ማለት ኣይ ኮነን እንታይ ድአ ካብ ሕጂ ንድሓር ንኹሉ ኣብ ሓደ ትእዛዝ ጠርኒፍዎ፥ ብኹሉ ልብኻ ንአምላኽ ምፍቃርን ንሓውናን ሓፍትናን ከአ ብዘይ ቅድመ ኩነት ምፍቃር። ብርግጽ እዚ ኩሉ ጊዜ ቀሊል ኣይኮነን ግን ንናይ ፍቕሪ ትእዛዝ ብምሕላውና ነጻ ዝገብር ውጽኢት ወይ ሳዕበን ኣለዎ። እዚ ሓደ ዓይነት ህዝቢ ከም እንኸውን ይገብረና ቀንዲ ዓላማ ተፈጥሮና ኸአ ሓደ ምኳን እዩ። ሓላዊ ሕጊ ምኳን ንናይ ገዛእ ርእሰይ ምልአት እየ ዝሰርሕ። ኣብ ናይ ፍቕሪ ሕጊ ግን ኣነ እጥቀም ግን ሓወይን ሓፍተይን እውን ይጥቀሙ።

ኢየሱስ ኣብኡ እንተ መጻእና ጸገም ዝኾነ ዝቓይ ተስፋ ምቕራጽ ዝብሃል ኣይገጥመኩምን እዩ ኣይበለን። ንዝወርደና ቃንዛ ክአልየልና ተስፋ ኣይሃበናን።ኢየሱስ ዝገብሮ ብቓንዛ ክንሓልፍ እንከሎና ምሕጋዝና እዩ። ሕይወት ብዘይዝኾነ ቃንዛ፥ ውድቀት ዘይብሉ ወይ ተስፋ ምቕራጽዘይብሉ የለን።ከምኡ ሕይወት ብዘይዝኾነ ጸገም ወይ ፈተና ሕይወት ኣይኮነን። ጸገም ርእዩ ዘይፈልጥ ሰብ ንጸገም ክጻወር ወይ ክብድህ ከቢድ እዩ። ቆልዑት ብስድርኦም ኩሉ ዝግበረሎም ዝኾነ ጸገም ዘይረኽቡ እንተ ኾይኖም ኩሉ ዝደልይዎ ዝግበረሎም እንተ ኾይኑ ብሕንቃቕ ይበላሸው ልሙሳት ይኾኑ። ንዝኾነ ዝገጥሞ ክጻወሩ ስለ ዘይክእሉ ኣብ ዘይተደለ ውድቀት ይወድቁ፥ ካብንእስነቱ ንጸገማት እናረአየን ፈትሐን ዝዓበየ ዝመጽአ እንተ መጽአ ይግረምን ዓቕሉ ኣየጸብብን ሽዑ ንጸገም ተጻዊሩ ይወጽአ።

ኢየሱስ በሽቀጥቀት ከብለና ኣይደልን እዩ። ብናይ ሕይወት ብድሆታት ክንዓብን ኣብ ብስለት ክንበጽሕ የድልዩና እዮም። ምስኡ ኮና ክንጾሮም እንከሎና ቀለልቲ እዮም፥ ነዚ ክንፈልጥ እንተ ኸአልና በይንና ከምዘይ ኮና ፈሊጥና ኣብ እዋን ጸገምናን ሓዘናን ክንጾሮ ኢና። ብናይ ገዛእ ርእስና ስቓይ ካልኦት ንዘለዎም ስቓይን ጸገምን ክጾሩ ንሕግዞም። ዘገርም ስቓይ ብድሆታት ዘይብላ ዓለም ኣብ ንአይ ጠዓመንን ውልቃውነት እያ እትወድቕ ስለዚ ብኻልእ ስቓይ ወላ እኳ ጥዑም ኣይኹን ኣብ ኣምላኽ የቕርበና እዩ።

እምብአር ነፍሲ ወከፍና ክንስከሞ ዘሎና ኣርዑት ኣሎና፥ ግን ኩሉ ጊዜ ኢየሱስ ምሳና ኣሎ ንበይንና ኣይ ኮናንን። እትጸገም ምሳና ከምዘሎ ንዝንግዖ። ከም ዝተባህለ ኣብ ማሕረስ ክልተ ኣብዑር እዮም ዝሓርሱ እቲ ኣርዑት ኣብ ክሳድ ክልተ እዩ ዝወርድ፥ ኣብዚ ንሕና እንስከሞ ኣርዑት ካልአይና ባዕሉ ኢየሱስ እዩ። ንሱ እዩ ምሳና ኾይኑ ዝስሕብ። ኣብ ኢየሱስ በይነይ ዝብሃል የለን ባዕሉ ከም ዝበለና ኵሉ ጊዜ ምሳና ኣሎ፥ ንሕና ኢና እንዝንግዕ። ኣብቲ ባሕሪ እናኸዱ እንከለዉ ማዕበል ምስ መጽአ ሓዋርያት ምስኦም እንከሎ ዝዘንግዑ ንሕና እውን ንዝንግዕ ኢና (ማር 4፡36-41)። ሕጂ እውን ምሳና ኣሎ።

እምብአር ኣብዚ ናይ ምጽአትን ትጽቢትን ዘመን ነቲ ካብ ጎይታና እንጽበዮ ሓይሊ ኣብ ሕይወትና ክግለጽ ክንሓስበሉ ይግባእ። ቅ. መጽሓፍ ገሊጹ ኣንቢርዎ ከምዘሎ እናተጸበና ኽሎና ኣምላኽ ካብቲ ዘሎናዮ ሓፍ ከብለና፥ ክሕድሰናን ከጸናንዓንን ልብና ሕይወትና ክንከፍተሉ ፍቓደኛታት ንኹን።

ነዚ የብቅዓና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ